# አህጉራዊ መዓልቲ ድቂ አንስትዮ

ሕርይቲ መዓልቲ ሾመንተ መጋቢት
ድሃይ ናይ ጭቁናት አሓትና ወሃቢት
ናብ ዘሎ ኲርናዕ ዓለም መቃልሒት
ናይ ብሓቂ ዘደንቅ ስርሒት

ትነብር ዝነበረት ጎደሎ ሰብ ተቆጺራ
አብ መስፍናዊ ባህሊ ተቀርቂራ
አብ ማዕርነት በጽሒት ብጽፍራ
ሕጂውን ብሓያል ቅልጽማ ክትወጻእያ ሓራ

ንዝነበራ ድርብ ጭቆና
ብተሪር ቃልሳ ወጊና
ንድሑር ባህሊ ረጊጻ ብሳእና
ተጋዕዘት ናብ ነጻነት ጎደና

ኤርትራዊት አደ ክምለስ ናባኺ
መዘና የብሉን ፍቅርኺ